# ጸዊዒት ንድሕነት ሃገር
# ስግደትን ንግደትን
# ምድረ ኤውሮጳ

ኦ! ህዝቢ ኤርትራ!!! ኣብ ሃይማኖታዊ እምነትካ፡ ንዘለካ ክቡር ዘይብተኽ ማዕተብካ ንምትራር፡ ነቲ በብዝኣመንካሉ ክቡር ሃይማኖታዊ እምነት፡ ንድሕነትካን ድሕነት ህዝብኻን እተካይዶ፡ ጸሎትን ስግደትን፡ እነሆ ሎሚ ኸኣ፡ ዕለቱን ሰዓቱን ኣኺሉ፡ ካብ መላእ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ናብ ሃገረ ነዘርላንድ ከተማ ሮተርዳም፡ ቤተ-ክርስትያን ኪዳነ ምህረት፡ ንሰንበት ዕለት፡ 20 ለካቲት 2011፡ ንግደትካ ብሓባር፡ ናብ ክቡር ሰማያዊ ኣቦኻ ከተጻልተሉ ትተኣኻኸበሉ ዘለኻ ወቕቲ፡ ኣብ ስግደትካን ንግደትካን፡ ብመንፈስካን ብጸሎትካን፡ ብድምጽኻን ብተግባርካን፡ ብኒሕካን ንያትካን፡ ብትብዓትካን ቅያኻን፡ ሎሚ ‘ውን ከም ትማሊ፡ ካብ’ዚ ዝሕምሰኒ ዘሎ፡ መዝሙር ሲኦል ህይወት ዝዝምር ምምሕዳር ስርዓት ህግደፍን፡ ካብ ዝጸወደለይ ዘሎ ብጎሬቤት ዝተዓጥቀ ጉጅለ፡ ዝሰሓብ ቓታ ጠበንጃ ብረትን፡ ኣድሕነኒ ንትብል ዘላ ሃገርካ ኤርትራን፡ ዋሕስ ኩነኒ ዝብለካ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራን፡ ድምጽኻ ተበርኽሉ፡ መዲርካ ተስምዓሉ፡ ነዲርካ ትስዕረሉ፡ ጎዩካ ትቕድመሉ፡ ሰሚርካ ተድመዓሉ፡ ተቓልስካ ትዕወተሉ፡ መሪጽካ ትሓርየሉ፡ ፈቲኻ ቆጽሊ ተውድቐሉ፡ ሞጊትካ ትረትዓሉ፡ ቅዋምካ ሂብካ ትመሓደረሉ እዋን ሎሚ ኢዩ እሞ፡ ሎሚ ንድሕነታ፡ ሕጂ ንኽብረታ ኢላ እዛ ሃገር ትደሃየካ ኣላ እሞ፡ ብደግሲ ጅግንነትካ ኣብ ስግደትካን ንግደትካን እጃምካ ግበረላ እዛ ሃገር!!!

ኦ! ህዝቢ ኤርትራ!!! ኣስተውዕል፡ ሎሚ ህዝብኻ ብዘይትግበር መብጽዓ መዝሙር ህግደፍ፡ ከይስጉም ብርኩ ዝዕጸፈሉ፡ ከየድምጽ ልሳኑ ዝዕጸወሉ፡ ከየመልክት የእዳው ዝቕርሰመሉ፡ ከይዛረብ ኣፉ ዝልጎመሉ፡ ከይመርጽ ሕርያኡ ዝቕጸየሉ ኣብ ዘሎ ወቕቲ፡ ንስኻ ኣንታ ህዝቢ ከም ጽኑዕ ኣማኒ፡ ኣምልኾኻ ንሓደ ኣምላኽካ ፈሪሃ እግዜኣብሄር ክትገብረሉ ኣብ ዝግበኣካ ህሞት፡ ንሰባት ኣምሊኽካ፡ ማዕረ ሃዋርያት ሰሪዕካ፡ ካብ ምድሓን ህዝብኻን ሃገርካን፡ ጠጠው ትብለሉ ቀራና መንገዲ ስለ ዘይዘይኮነ፡ ሎሚ ‘ውን ከም ትማሊ'ኻ፡ በይንኻ ኣንጻር ክልተ ሓያላንን፡ ገዚፍ ዓርሞሾሽ ሓይሊ ገዛእቲ

ኢትዮጵያን ሲዒርካ፣ ነጻነትካ ዘውሓስካ፣ ጸኒዕካ ዘጽናዕካ ህዝቢ ኢኻ እሞ፣ ኣብ’ዚ ብነጻነትን ሓርነትን ትነብረሉ ዘለኻ ሃገራት ኤውሮጳ ኮይንካ፣ እዋን ጥርናፌ ስግደትካን ንግደትካን፣ ብስም ኪዳነ ምህረት ህዝብኻን ሃገርካን ከተድሕን፣ በትረ ሙሴ ኹኖም፣ ሃየ ኣበርኮ ድምጽኻ ዓውታ ወስኽሉ፣ ውጻእ ካብ’ቲ ናይ ሕሹሹኽ ባይታ፣ ንድሕነት ሃገርካን ህዝብኻን፣ ውጻእ ካብ’ቲ ጸላም፣ ተቓላዕ ናብ’ቲ ቅርዓት!!!

ኦ! ህዝቢ ኤርትራ!!! ተጻባእትኻ ሎሚ ‘ውን ኣይወሓዱን፣ ናይ ሕማኻቕ ኣብነት ዝኾኑ፣ ከነድሕነካ ዝብሉ፣ ካብ’ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮይኑ፣ ብዘይውዳእ ናይ መብጽዓ መዝሙር፣ ንምህላቕካ ዝጸመደ ስርዓት ህግደፍ፣ ንሕና መድሕንካ ኢና ዝብሉ፣ መናፍቓን ሓድጊ መግዛእቲ ዝኾኑ ሓይልታት፣ ንኻባ ጅግንነትካ ረሚሶም፣ ብኢደ በይዛነት ዝተዓሰቡ፣ እጹዳት ዓለውተኛታት ‘ውን፣ ካብ ስግረ ዶብ ብዝሰነቕዎ በትሪ፣ ክሳድካ ኣኸንዲዶም ከጎቡጡኻ ዝህቅኑ ተደናደንቲ ‘ውን ከይትደናገር፣ ኣስተብህሎኻ! ንኸርስካን ዝባንካን፣ ንቕድመኻን ድሕሬኻን፣ ንየማንካን ጸጋምካን፣ ንልዕሌኻን ትሕቴኻን፣ ንዙርያኻን ከባቢኻን ግበሮ፣ ንድሕነትካ፣ ኣብ ለይትን ቐትርን ብዝተሓብኡ በለጸኛታት፣ ድምጺ ሓጋይን ክረምትን ብዝዛረቡ መናፍቓን፣ ግዳይ ከይትኸውን፣ ካብ ምቕርቓር ክልቲኦም ክትድሕን፣ ከም ትኪ ቦሎኽ ኢልካ ውጻእ፣ ከም ዓረ ጸኒዕካ ርገጽ፣ ንኽልቲኦም ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ተጻባእትኻ፣ ከም ንፋስ ኣውሊ ግዜ ከይሃብካ ትምክተሉን፣ ትረማስሰሉን ህሞት ሕጂ ኢዩ፣ ቅናትካን ምናትካንና ብሓደ ጠሚርካ፣ ንሕርያኻን ድምጽኻ፣ ንቕዋምካን ቆጽልኻን ሕጂ ብተውለ እምቢ በሎም ኣንታ ህዝቢ!!!

ኦ! ህዝቢ ኤርትራ!!! እግዝኣብሄር ‘ውን፣ ቤተይ ንጽቡቕ ምኽሩሉ ኢዩ ዝበለ እሞ፣ ካብ ኤውሮጳ ምሉእ ትተኣኻኸበሉ ኣብ ዘለኻ ወቕቲ፣ ምስ ስግደትካን ጸሎትካን፣ ንድሕነት ሃገርካ ብሓባር ትዝትየሉ መድርኽ ባብ ክፈተሉ፣ ኣብ መሬት ንዕርቂ፣ ኣብ ሰማይ ንጽድቂ ኢልካ፣ ብፈሪሃ እግዚኣብሄር ተሰሪዕካ ንድሕነት ህዝብኻ ትንቀሳቐሰሉ ህሞት፣ ንዓመታ ዘይኮነ ንሎሚ ኢዩ እሞ፣ ብጸሎት ምስ ኣምላኽካ፣ ብድምጽኻ ምስ ህዝብኻ ብሓባር፣ ፊት ንፊት ንድሕነትካ ተእውየሉ፣ ንህላዌኻ ትዝምረሉ ሕጂ ኢዩ እሞ፣ ድምጽኻ ኣበርኮ ህዝቢ፣ ነዚ ኣጋጣሚ ተጠቒምካ፣ ብውሽጥን ብደገን

**ተረአአ-ተሰራዕ፥ ትባዕ-ከይትገዳዳዕ፥ ምናዕ-ከትስላዕ፥ ምኽር-ከይትድበር፥ ንኸስ-ከይትሉኽሰስ፥ ሕጂ ኢዩ እቲ ህሞት፥ ሕጂ ኢዩ እቲ ግዜ፥ ሕጂ እቲ እዋን፥ ሕጂ ኢዩ እቲ ብርሃን፥ ትኪ ኾይንካ፥ ነቲ ዝተዓብጠ ጋልሃዮ፥ ብርሃን ኮይንካ ነቲ ጸልማት ዱግሓዮ ኣንታ ህዝቢ!!!**

**ነታ ትማሊ ትእምርቲ ጽንዓት ምኳንካ ዝመሃርካያ ዓለም፥ ሎሚ ‘ውን ንጉስ ነብስኻ ምኳንካ ብተግባር መስክረላ፥ ዓለም ንኽትፈልጥ ዘይኮነ፥ ንስኻ ምዕባሌኻ ንኽተሳልጥ፥ ሓርነትካ ሕረ፥ ካብ ናይ ውሽጢ መጸይትን፥ ካብ ናይ ደገ ጎጠይትን ከይተገራህካ፥ ንምድሓንካ ኣብ ነብስኻ ኣሚንካ፥ ሎሚ ‘ውን ከም ትማሊ ትእምርትኻ ድገመላ ንዓለም፥ ስለምንታይሲ ዓለም፥ ኣብ ከለካን፥ ከለኻን ኢዩ እምነታ፥ ድምጽኻ ናብ ጎደናታት ኤርትራ ዱግሓዮ ኣንታ ህዝቢ፥ ንኽትከስብ ተኣኻኸብ፥ ንኽትረክብ ተወሳሰብ፥ ንኽትነድፍ ተጠራነፍ፥ ሎሚ ኢዩ እቲ እዋን ድሕነት፥ ድሕነት ሃገር፥ ኣብ እዋን ስግደትን ንግደትን ንወትሩ!!!**

**ዘንጸላሉ ንዘሎ ሓደጋ ተኸታቲሎም**
**ድሕነት ሃገርን ህዝብን ዘሻቐሎም ዜጋታት**
**ነዘርላንድ**

Lewtibhzbi.eritrea@gmail.com